መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# መንግስተ ሰማያት ዝበለጸት ከተማ ኣምላኽ

ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- Lazarus
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ Sarah S.
ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ
ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብዛ ምድሪ ከሎ ንደቂ መዛሙርቲ ብዛዕባ መንግስተ ሰማይ ነጊርዎም እዩ። ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ፣ እቲ ማሕደር ድማ ዓብዩ ኣዝዩ ዘደንቅን ጽቡቕ እዩ። መንግስተ ሰማይ ዓብዩን ኣዝዩ ጽቡቕን
ኣዝዩ ካብዚ ምድሪ ዘሎ
መነጻጸሪ የብሉን።



ኢየሱስ ንሃዋርያት ከምዚ በሎ "ቦታ ከዳልወልኩም ይኸይድ ኣለኹ ዳሕራይ መጺኤ ክወስደኩም እየ" ስለዚ ኢየሱስ ድሕሪ ትንሳኤኡ ናብ መንግስተ ሰማይ ከይዱ። እቶም ሃዋርያት ካብ ዓይኖም ክሳብ ዝስወር ኣንቃዕሪሮም እንዳጠመትዎ ከደ።



ስለዚ ክርስትና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝምለስ እንዳ ተጸበካዮን ንምካድ እንዳ ተዳለካን ዝንበር ናብራ’ዩ። ኢየሱስ ነጊሩናዮ ብዘይተጸበኩምላ ሰዓት ብሃንደበት ክመጽእ ኢሉ ኣቀዲሙ ነጊሩና’ዩ፣ ቅድሚ ኢየሱስ ምምላሱ ንዝመቱ ኣመንቲ ክርስትያናትከ? መጽሓፍ ቅዱስና ከም ዝገልጾ ናብ ኢየሱስ እዩ ኰሉ ዝእከብ ብህይወት ዝጸንሐ ይኹን ኣቀዲሙ ዝሞተ፣ ነዚ ስጋዊ ኣካልና ገዲፍና ‘ምስ እግዝኣብሄር ምንባር’ እዩ፣



መጽሓፍ ቅዱስና ኣብ ራእይ ዮሃንስ ከምዝብለና መንግስተ ሰማይ ከመይ ተስተንክርን ተደንቕን ምኳን ምጽባቃ ዝገልጽ። እቲ ኣዝዩ ዘገርምን ዘደንቕን ንጽባቀኣ መግለጺ ዘይምርካብዩ፣ ሃገር እግዚኣብሄር መንበር ጐይታ። ዋላኳ እግዚኣብሄር ኣብ ኵሉ ዝርከብን ብቦታ ዘይድረትን እንተኾነ ዝፋን እግዚኣብሄር ግና ኣብ ላዕሊ ኣብ መንግስተ ሰማያት እዩ።



መላእኽትን ካልኦት ናይ ሰማይ ሰራዊትን
ንእግዚኣብሄር ኣብ መንግስተ ሰማያት
እዮም ለይቲ ምስ መዓልቲ ዘመስግንዎ።
ከምኡ’ውን እቶም ደቂ ሰባት ሞይቶም
ንመንግስተ ሰማይ ዝኸዱ። ፍሉይ
መዝሙር ምስጋናዮም
ንእግዚኣብሄር
ዘቅርቡን
ዝውድሱን።



ገለ ካብቲ ዘመስግንዎ ንውሰድ ″ንሳቶም ከኣ
ተሓሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታት
ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዝኾኑ
ሰባት ዐዲግካሉ ኢኻ ንኣምላኽና ዝኮኑ
መንግስትን ካህናትን ገበርካዮም፣ ኣብ ምድሪ
ድማ ኪነግሱ እዮም። እሞ ንስካ ነቲ
መጽሓፍ ክትወስዶ
ነቲ ማሕተምውን
ክትፈትሖ
ብቑዕ ኢኻ
እናበሉ ሓድሽ
መዝሙር
ዘመሩ″።
ራእይ 5:9



ኣብ መጨረሽታ ገጻት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መንግስተ ሰማያት ″እታ ሓዳስ የሩሳሌም″ ዓባይ ከተማ ብዓበይቲ ቀጽሪ እትከበት ገይሩ ይገልጻ፡ እቲ ቀጽራ ድማ ብያስጲስ እተነድቀ እዩ። እታ ከተማውን ጽሩይ ወርቂ ከም ጽሩይ መረጸን እያ ትመስል። መሰረታት ቀጽሪ እታ ከተማ ኸኣ ብኸቡር እምኒ ዘበለ ተሰሊሙ እዩ ነፍሲ ወከፍ ደገ ካብ ሓደ ሉል እተገብረ እዩ።



እዞም ደጌታት እዚኣቶም ፈጺሞም ኣይዕጻውን እዮም እታ መደነቂት መንግስተ ሰማያት ጽባቀ ውሽጣ ’ከ ከመይ ይመስል? እታ ከተማ ጽሩይ ወርቂ ከም ጽሩይ መረጸን እያ ትመስል።



ከም ክሪስታል ዝምጽራዩ ርባ ማይ ህይወት ካብቲ ናይ ኣምላኽን ናይቲ ገንሸልን ዝፋን ዝወጸ። ኣብዚ ሩባ እዚ ፍረ እትህብ ኦም ህይወት ማለት እታ ናይ መጀመርታ ኦም ህይወት ኣብ ኤደን ገነት ትርከብ። እዛ ኦም እዚኣ ፍልይቲ ኦም እያ። ምኽንያቱ ኣብ ወርሒ ሓደ ጊዜ እቲ ፍረ ናይ ዓመት ኦም እያ። ቆጽሊ እታ ኦም እቲኣ ከኣ ፈውሲ ህዝብታት ኮይኑ ኣሎ፣



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኬብርሃሎም ንዘለኣለምውን ኪነግሱ እዮም እሞ ድሕሪ ደጊምሲ ለይቲ ኣይኪኸውንን ብርሃን ቀንዴልን ብርሃን ጸሓይንውን ኣይኬድልዮምን እዮ።



ኣብ መንግስተ ሰማያት ዘለው እንስሳታት ከም ናይ ምድሪ ተጐዳእቲ ዘይኮኑስ ፍሉያት እዮም። ኩሉ ጊዜ ዘይታናኮሉ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዝገልጾ ተኵላ ምስ ኢራብ ሳዕሪ ክበልዕ ኣንበሳ ምስ ምራኽ ክድቅስዩ። እግዚኣብሄር ኢሉ እዩ እሞ ኣይባሉውን ኣይጓድኡን ኣብቲ ክቡር ቅዱስ ከረን እግዚኣብሄር ዝኾነ መንግስተ ሰማይ።



ኣብ መንግስተ ሰማይ ደሊና ዘይንረክቦ ኣብዚ ምድሪ ንፈልጦ ዝነበርና ብዙሕ ነገር ኣሎ። ባእሲ፣ ሓሜት፣ ጸርፊ፣ ባእሲ ዝበሃል የሎን። ኣብቲ ኣፍ ደገ መፍትሕ ዝበሃል የሎን ምኽንያቱ ሰራቂ ዝበሃል የሎን። ሓሳዊ፣ ቀታሊ፣ ዓማጺ፣ መታለሊ፣ ተንኮለኛ ዝበሃል የሎን። ሓጢኣት ዝበሃል ኣብ መንግስተ ሰማያት ኣይርከብን እዩ።



ውሉድ እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪ በቲ ዝረኽብዎም መከራን ጸበባን ይሓዝኑን ይነብዑን እዮም። ኣብ መንግስተ ሰማያት ግና ኣምላኽ ንብዘሎ ንብዓቶም ካብ ኣዒንቶም ደሪዝዎ’ዩ፣ ንብዓት ዝብሃል የሎን።



ህዝቢ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ምስ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሓራ እዮም። ድሕሪ ደጊም ሓዘን መከራ ብኽያት ዋይዋይታ ኣይክህሉን እዩ። ኣብ መንግስተ ሰማይ ሕማም፣ ሞት፣ ቀብሪ፣ ኵሉ እዚ የሎን። ህዝቢ ኣምላኽ ንፈጣሪኡ ንዘለኣለም ብሓጐስ እንዳመስገነ
ክነብር እዩ። ኣሜን!



እቲ ካብ ኵሉ ዝበለጸ ኵሎም ዓሌት ኣዋልዶም ኣወዳቶምን ዓበይቶምን ብጐይትኦምን መድሓኒኦም ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኣመኑን ዝተኣዘዙን ህይወቶም በቲ ደምን ገንሸል ዘጽረዩ ዝኣትውዋ ፍልይቲ ቦታ እያ። ኣብ መንግስተ ሰማይ ‘መጽሓፍ ናይቲ ገንሸል’ ኣሎ፣ እዚ ከኣ መጽሓፍ ህይወት ይበሃል። ምሉእ ኣስማት ዝርዝር ዘለዎ እዩ።

ሽም ናይቶም ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝኣመኑ ኣብኡ ተጻሒፉ ኣሎ። ናትኻ ስም’ከ ኣብኡ ይህሉዶ ይኸውን?




*ናብዛ መግለጺ ዝሰኣነላ*
*ከተማ ህያው ኣምላኽ*
*ክትኣትው ትደሊ/ዶ ኢኻ?*

ብዛዕባ መንግስተ ሰማይ ንብሎ ቃል ኣዝዩ ባህ ዘብል ቃል እዩ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ንዓና ንሕሩያቱ ዘዳለዎ ብዓይኒ ሰብ ዘይተራእየ ኣብ እዝኒ ሰባት ዘይተሰምዔ ኣብ ልቢ ደቂ ሰባትውን ዘይተሓሰበ "እቲ መንፈስን እታ መርዓትን 'ንዓ' ይብሉ ኣለው" እቲ ዝሰምዕውን 'ንዓ' ይበል። ዝጸምኤ ከኣ ይምጻእ ዝደለየ'ውን ማይ ህይወት ብኸምኡ ይውሰድ።



# መንግስተ ሰማያት ዝበለጸት ከተማ ኣምላኽ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዮሃንስ 14; 2ቈረንጦስ 5;
ራእይ 4፣21፣22

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

60 60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16